LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ኣገልግሎታት ክፍሊት

## ልልይ ምስ ኣከፋፍላ ካርድን ዲጂታዊ ኣገባብን

Materialet är framtaget av
Länsstyrelsen i Örebro län
Stortorget 22, 701 86 Örebro
010-224 80 00
orebro@lansstyrelsen.se

www.lansstyrelsen.se/orebro

## ለንስቲረልሰን - ኣካቢ ሓይሊ

ሽወደን ኣብ 21 ዞባታት ትምቀል ኮይና፡ ነፍሲወከፍ ዞባ ናታ ለንስቲረልሰን ናታ ከንቲባን ኣሎዋ። ለንስቲረልሰን ኣብቲ ዞባ ወኪል መንግስቲ'ዩ፤ እዚ ኮሚቴ ንሃገራዊ ፖሊቲካ የተግብር፤ ማዕረ ማዕርኡ ከኣ ንናይ ነፍሲወከፍ ዞባ ኵነታትን ዕድላትን ኣብ ግምት የእቱ። ለንስቲረልሰን እምበኣር፡ ኣብ መንጎ ኮሙናት ዞባን ተቐማጦኣንን ኣብ መንጎ መንግስትን ባይቶን ዝተፈላለዩ ማእከላት ትካላት መንግስትን ኣገዳሲ መራኸቢ'ዩ ማለት'ዩ።

ኣርእስቲ፡- ኣገልግሎታት ክፍሊት - ብካርድን ብዲጂታዊ ኣገባብ ምኽፋል ምጅማር

ኣዳላዊ፡- Länsstyrelsen i Örebro län

ቍጽሪ ሕትመት፡- 2019:5

ስእልታት ብ፡- Susanne Lindeborg

ሕትመት፡- 2020, Stibo Complete

# ትሕዝቶ


ካርድ ባንክ 4

እዚ ናይ ባንክ ካርድ'ዩ 4

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካርድ 5

ኣብ መኽፈሊ ተርሚናል ብካርድ ምኽፋል 5

ኣብ ባንኮማት ገንዘብ ምእታውን ምውጻእን 6

ብባንክ ኢንተርነት ክትገብሮም እትኽእል ነገራት፡- 6

ባንክኢደ (BankID) እንታይ'ዩ፧ 6

ምኽርታት ድሕነት! 6

ፋክቱራ 7

ብሞባይል ፋክቱራ ምኽፋል 8

ተራ ብተራ 8

ኣብ ምኽፋል ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ መጋበርያታት 9

ሓድሽ ተቐባሊ ምረጽ 9

ብሞባይል ኣፕ ምኽፋል 10

ኣገልግሎታት ክፍሊት ኣብ ድኳናት 10

ኣገልግሎት ክፍሊት ኣብ ኢንተርነት 10

ናብ ካልኦት ሃገራት ገንዘብ ምትሕልላፍ 11

ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ባንክ 11

ብዛዕባ ኣገልግሎታት ባንክ ዚያዳ ሓበሬታ ትደሊ'ዶ፧ 11

ብዝተፈላለዩ ቛንቛታት ሓበሬታ ተናዲ ዲኻ፧ 11

ብዛዕባ ሽወደን ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትደሊ'ዶ፧ 11

# ካርድ ባንክ

ኣብቲ ሕሳብ እትኸፍተሉ ባንክ ኢኻ ናይ ባንክ ካርድ ትወሃብ። ናይ ባንክ ካርድ፡ ደቢት ካርድ ተባሂሉ’ውን ይፍለጥ’ዩ። ነቲ ካርድ ክትጥቀመሉ ፒንኮድ የድልየካ። እቲ ኮድ ኣርባዕተ ኣሃዛት ኣሎዎ፤ እቲ ባንክ ከኣ’ዩ ዚህበካ።

ናይ ባንክ ካርድ፡ ኣብ ሽወደንን ኣብ ወጻኢ ሃገርን ንመኽፈሊ ትጥቀመሉ፤ ኣብ ዕዳጋታትን ኣብ ኢንተርነትን ክትገዝኡሉን፡ ኣብ ባንኮማትን ኣብ ገለገለ ድኳናትን ጥረ ገንዘብ ንምውጻእን ንምእታውን ትግልገለሉ።

## እዚ ናይ ባንክ ካርድ’ዩ

ናይ ባንክ ካርድ ዝተፈላለየ መልክዕ ኪህልዎ ይኽእል፤ ግን ኵሉሳዕ ነዚ ዚስዕብ ሓበሬታ ይሕዝ

ላዕላይ ገጹ

ቺፕ (Chip):- ኪንበብ ንኣብነት ኣብ መኽፈሊ ተርሚናል ይኣቱ።

እዚ ምልክት፡ እቲ ካርድ ብዘይ ኮንታክት ንምንባብ ዘኽእሎ መጋበርያ ከም ዘሎዎ የርኢ።

ቍጽሪ ካርድ:- ኣብ ኢንተርነት ክትገዝእ ከለኻ ይሕበር።

ዕለት:- ወርሕን ዓመትን፡ እቲ ካርድ ክሳዕ መኣስ ከም ዜገልግል የርኢ።




ታሕታይ ገጹ

ማግኔታዊ እድያት:- እቲ ቺፕ ኣብ ዘየገልግለሉ እዋን፡ ብጨዳድ መኽፈሊ ተርሚናል ይሓልፍ።

CVV/CVC-ኮድ: ናይ ድሕነት ኮድ። ኣብ ኢንተርነት ክትገዝእ ከለኻ ይሕበር።

ክታም ዚፍረመሉ ባዶ ቦታ።

# ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካርድ

ባንክ ካርድ ወይ ደቢት ካርድ

ገንዘብ ብቐጥታ ካብ ሕሳብ ባንክ ይውሰድ።

መኽፈሊ ካርድን ክረዲት ካርድን

እቲ ገንዘብ ኣብ ዳሕራይ ግዜ ይኽፈል። ብሕጊ ሃልኪ ክረዲት ይእለ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ [konsumenternas.se](konsumenternas.se) ኣንብብ።

## ክትሓስበሉ ዘድልየካ፡-

ካርድኻ እንተ ተበላሸዩ፡ እንተ ጠፊኡ ወይ ብኣውቶማት ማሽን እንተ ተሳሒቡ ተሪፉ፡ ነቲ ካርድ ከም ዜእገድ ጌርካ ምስ ባንክ ርክብ ግበር። ኮድካ ብሓለዋ ሓዞ፤ ውልቃዊ ሓበሬታ ወይ ኮድ ንኻልእ ሰብ ፈጺምካ ኣይትሃብ።

## ኣብ መኽፈሊ ተርሚናል ብካርድ ምኽፋል

1. ነቲ ናይ ካርድ ቺፕ ንላዕሊ ገጹ ብምግባር ካርድ ኣእቱ
2. ድምር ገንዘብ ልክዕ ምህላዉ ርአ
3. ኮድካ ጽቐጥ
4. ቅቡል ምዃኑ ንምርግጋጽ ቀጠልያ ዝሕብሩ መጽቀጢ ጽቐጥ
5. ካርድኻ ውሰድ
6. ቅብሊት ውሰድ
7. ወዲእካ



## ኣብ ባንኮማት ገንዘብ ምእታውን ምውጻእን

ኣብ ገለገለ ባንኮማት፡ ክልቲኡ ማለት፡ ገንዘብ ከተውጽእን ከተእቱን ትኽእል ኢኻ። ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ምምራጽ ተኽእሎ ኣሎ። ኮድካ ክትቅይሮ እንተ ደሊኻ፡ ብማሽናት ባንኮማት ባዕልኻ ክትቅይሮ ትኽእልኢኻ። ኣስተውዕል፡ ኣብ ሓደ ፈተነ ግጉይ ኮድ ሰለስተ ሳዕ እንተ ጸቒጥካ፡ እቲ ካርድ ሸው ንሸው ይእገድ። እዚ ኸኣ፡ ክልቲኡ ማለት፡ ገንዘብ ከተውጽእ ከለኻን ካልእ ዝዓይነቱ ክፍሊት ክገብር ከለኻን ይምልከት።

# ብባንክ ኢንተርነት ክትገብሮም እትኽእል ነገራት፡-

- ቍጽሪ ሕሳብካ ምርካብ
- ዝርዝር ኣታውን ወጻእን ሕሳብ ባንክ ምቍጽጻር
- ብጂሮ ተጠቒምካ ወጻኢታት ምኽፋል
- ናብ ካልኦት ሕሳባት ባንክ ገንዘብ ምስግጋር
- ከም ባንክኢደን (BankID) ስዊሽን (Swish) ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ምስላጥ።

ኣብ ባንክ ኢንተርነት ንምእታው፡ ናይ ኮድ ማሽን (säkerhetsdosa)፡ ሞቢልት ባንክኢደ (mobilt BankID) ወይ ባንክኢደ ኣብ ካርድን ፋይልን (BankID på kort och på fil) ክትጥቀም ትኽእል።




## ባንክኢደ (BankID) እንታይ'ዩ፧

ባንክኢደ፡ ብኢንተርነት ኣቢልካ፡ ንኣብነት ኣብ ትካላትን ባንክታትን መንነትካ ከተመስክር ከለኻ እትጥቀመሉ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት'ዩ። ኣብዚ እዋንዚ፡ እቲ ምስ ከም ፓስፖርትን መምርሒ ፍቓድን ዝኣመሰሉ ወረቓቕቲ መንነት ኪነጻጸር ዚኽእል ኣውራ ልሙድ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት ኣብ ሽወደን'ዩ።

## ምኽርታት ድሕነት!

ውልቃዊ ሓበሬታኻ ብቴለፎን ወይ ብኢመይል ንኻልእ ሰብ ፈጺምካ ኣይትሃብ። ኣብ ናትካ ባንክ ኢንተርነት ብኮድ ኣቲኻ ነዊሕ ምስ ጸናሕካ ወይ ካልኦት ገጻት ኢንተርነት በጺሕካ ምስ ረኣኻ ካብኡ ምውጻእካ ኣረጋግጽ።



# ፋክቱራ

ፋክቱራ ዝተፈላለየ መልክዕ ኪህልዎ ይኽእል። ሓደ ኣብነት ኣብዚ እንሆ።

ስም ኩባንያ

| | |
|---|---|
| ቍጽሪ ፋክቱራ | 15350 |
| ቍጽሪ OCR | 1110006734940l |
| ዕለት ፋክቱራ | 2019-01-01 |
| ቍጽሪ ዓሚል | 34114111 |

ስም ስም ኣቦ
ኣድራሻ ጐደና
ቍጽሪ ቡስጣ ቦታ

ኣብዚ፡ ነቲ ፋክቱራ ብኸመይ ከም ትኸፍሎ ተሓቢሩ’ሎ።

ብዲጂታዊ ኣገባብ ፋክቱራ ንምኽፋል፡ ኵሉሳዕ ቍጽሪ ጂሮ ወይ ቍጽሪ ሕሳብ ባንክ፡ ከምኡውን ቍጽሪ ረፈረንስ ወይ ቍጽሪ ኦ.ሲ.ኣር. *(referens eller OCR-nummer)* ምሃብ የድልየካ።

| | |
|---|---|
| ድምር ዚኽፈል ገንዘብ | 1 200 ክሮናር |
| ናባና ኪበጽሕ ዘሎዎ | 1 የካቲት 2018 |

ካብ መኽፈሊ ወረቐት ዚፍለ ኣገባብ ተጠቒምካ ትኽፍል እንተ ኰይንካ፡ ቍጽሪ ኦ.ሲ.ኣር. (OCR-nummer) ከትሕብር ኣገዳሲ’ዩ።

ስም ትካል
116 00 Stockholm
Företaget.se

ቴለፎን 020-222 222
ፖሉስጂሮ 94 90 01-1
ባንክጂሮ 5572-4949

| | |
|---|---|
| ቍጽሪ ውድብ | 1000100011 |
| ቍ. መዝ. ቀረጽ | 3334445 |
| ፍቓድ ኤፍ-ስካት ዘሎዎ | |

ባንክጂሮ | ምኽፋል/ምምሕላፍ | ክፍሊት

ብባንክ ይምላእ | **OCR**

በዚ መኽፈሊ ወረቐት ኣብ ኵላተን ባንክታት ወይ በዞም ዚስዕቡ ኣገባባት ክትከፍል ትኽእል

ባንክጂሮ (Bankgiro) ፐርሾንኮንቶ (Personkonto)
ፕሪቫትጂሮ (Privatgiro) ባላንስኮንቶ (Balanskonto)
ስፓርባንክስጂሮ (Sparbanksgiro)

| | |
|---|---|
| ቍጽሪ ፋክቱራ | 65305350 |
| ቍጽሪ ዓሚል | 34113411l |
| ዚወድቀሉ ዕለት | 2019-02-01 |

ተጠቃሚ ክፍሊት
ስም ስም ኣቦ
ኣድራሻ ጐደና
ቍጽሪ ፖስታ ቦታ

| ናብ ቍጽሪ ባንክጂሮ። | ተቐባል ክፍሊት |
|---|---|
| 5572-4949 | ስም ኩባንያ |

ብኽብረትኩም ኣብዚ መኽፈሊ ለውጥታት ኣይትግበሩ ኣብዚ መኽፈሊ መልእኽቲ ምግዳፍ ኣይከኣልን’ዩ ብማሽን ዚንበብ’ዩ

| OCR/REFERENS | ክሮናር | ሳንቲም | | |
|---|---|---|---|---|
| 1110006734940l # | 1 200 | 00 | 7 > | 5572959#41# |


# ብሞባይል ፋክቱራ ምኽፋል


ናይ ዝተፈላለያ ባንክታት ሞባይል ኣፕ ዝተፈላለየ መልክእ ኪህልዎ ይኽእል፤ ፋክቱራ ንምኽፋል ዚሕተቱ ሓበሬታታት ግን ኹሉሳዕ ሓደ'ዩም። ፋክቱራ ኣብ ሞባይል ብባንክጂሮ ክትከፍል ከለኻ፡ ከመይ ኪመስል ከም ዚኽእል ዘርኢ ኣብነት ይስዕብ።

ናብ ባንክኻ ብምእታው ጀምር። ብሞቢልት ባንኪድ ንምእታው፡ መለለዪ ቊጽሪ መንነትካን ቊጽሪ ሰኪዩሪቲ (6 ኣሃዛት) ምጽሓፍ የድልየካ። ብድሕርዚ እዞም ዚስዕቡ ስጉምትታት በብተራ ይትግበሩ፡-

## ተራ ብተራ

- ናብቲ መምረጺ ሜኑ ኪድ
- ‘Betala och överföra’
  ዚብል ጽቐጥ
- ነቲ ገንዘብ ዚወጾ ሕሳብ ምረጽ
- ተቐባሊ ወስኽ ወይ ምረጽ
- ድምር ገንዘብ ጽሓፍ
- ዕለት ጽሓፍ
- ቊጽሪ OCR ጽሓፍ። ቊጽሪ OCR እንተ ዘየሎ –ቊጽሪ ፋክቱራ ከም መልእኽቲ (meddelande)
- ‘Lägg till’ ዚብል ጽቐጥ
- ‘Godkänn’ ዚብል ጽቐጥሞ ከሳዕ
  ባንኪድ ዚኸፈት ተጸበ።
- ኮድካ ጽሓፍ (6 ኣሃዛት)
- ‘Legitimera’ ዚብል ጽቐጥ
- ናብ ካልእ ጉዳይ ንምቕጻል ወይ ንምውጻእ ናብቲ
  ‘Klar’ ዚብል ወይ ‘Logga ut’ ዚብል ጽቐጥ።







## ኣብ ምኽፋል ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ መጋበርያታት


ምልክት ካለንደር (ዓውደዋርሕ) ዕለት ንምምጻእ ጽቐጦ።

እቲ ፋክቱራ QR-ኮድ እንተሎዎ፡ ተነቢቡ ሓበሬታኡ ይሰፍር። ነቲ ምልክት ካሜራ ጸቒጥካ ነቲ ኮድ ስኣሎ። እቲ ታሕተዋይ ክፋል ፋክቱራ ከይተረፈ፡ በቲ መጋበሪያ ካሜራ ምስኣል ይከኣል'ዩ።

ብዲጂታዊ መልክዕ ንዚመጸካ ፋክቱራ ፈሪምካ ጥራይ ኢኻ ተጽድቆ።




ድሮ ንዝተመርጸ ባንክ ወይ ፕሉስጂሮ ምኽፋል፡ ናብ ናትካ ወይ ናብ ናይ ካልኦት ሕሳባት ምምሕልላፍ




## ሓድሽ ተቐባሊ ምረጽ

1. ዓይነት ተቐባሊ ምረጽ
2. ነቲ ኣብ ፋክቱራ ዘሎ ቍጽሪ ባንክጂሮ ጽሓፍ።
3. 'Hämta mottagarnamn' ዚብል ጽቐጥ
4. እቲ ስም ልክዕ ከም ዝኾነ ኣረጋግጽ
5. ንተቐባሊ ምረጽ።

# ብሞባይል ኣፕ ምኽፋል

ብሞባይል ኣፕ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ። ዝተፈላለዩ ኣማራጽታት ኣለዉ፤ ከም ኣብነት ንምጥቃስ ስዊሽ (Swish)፡ ሴክር (Seqr)፡ ሳምሱንግ ፐይ (Samsung Pay) ከምኡውን ኣፕል ፐይ (Apple Pay) ስዊሽ ብ7 ባንክታት ሽወደን ዚውነን ኮይኑ እቲ ኣውራ ሰብ ዚጥቀመሉ ሞባይል ኣፕ'ዩ። በዞም ኣፓት፡ ኣብ መንጎ ብሕታውያን ሰባትን ትካላትን ገንዘብ ከተመሓላልፍ ትኽእል። ገንዘብ ብቐጥታ ካብ ሕሳብ ባንክ ይውሰድ። ነፍሲወከፍ ባንክ ነናቱ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ከም ዘሎዎ ምፍላጡ ጽቡቕ'ዩ። ስማርት ቴለፎን ዘይብሉ ሰብ'ውን ገንዘብ ኪቕበል ይኽእል'ዩ።

# ኣገልግሎታት ክፍሊት ኣብ ድኳናት

ኣብ ገለገለ ድኳናት፡ ክፍሊት ኣገልግሎት ከፊልካ፡ ፋክቱራ ክትከፍል፡ ገንዘብ ከተእቱን ከተውጽእን፡ ከምኡውን ገንዘብ ከተመሓላልፍ ትኽእል።

# ኣገልግሎት ክፍሊት ኣብ ኢንተርነት

ባንክ ገዲፍካ፡ ኣብ ኢንተርነት ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣከፋፍላ ኣሎ። ፐይፓል (PayPal)፡ ማስተርፓስን (Masterpass) ክላርናን (Klarna) ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።



# ናብ ካልኦት ሃገራት ገንዘብ ምትሕልላፍ

ወኪል ጉዳያት ሃልኪ (ኮንሱመንትቨርከት)፡ ‘ማኒ ፍሮም ስዊድን’ (Money from Sweden) ዚበሃል ኣገልግሎት ኣሎዎ። ነዚ ኣገልግሎት ተጠቒምካ፡ ብዝተፈላለየ ትካላት ገንዘብ ምልኣኽ ክንደይ ከም ዚኽፈሎ ክትፈልጥ ትኽእል። ክንደይ ግዜ ከም ዚወስድ’ውን ትርኢ። ቤ/ጽ ጉዳያት ሃልኪ መንግስታዊ ትካል’ዩ።

MONEY FROM SWEDEN
En tjänst från Konsumentverket

# ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ባንክ

## – ኣማራጽታት ንበጻሕትን ሓተትቲ ዕቑባን

ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት፡ ኣብቶም ክፍሊት ካርድ ዚቕበሉን ኣብ ኢንተርነትን ምጥቃም ይከኣል። እዞም ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ኣብ ዕዳጋ ኣስቤዛን ኣብ ድኳናትን ኪግዝኡ ይኽእሉ። ዋጋታትን ሕግታትን ከከም ዓይነት ናይቶም ኣብ ዕዳጋ ዘለዉ ካርድታት ይፈላለዩ።

### ብዛዕባ ኣገልግሎታት ባንክ ዚያዳ ሓበሬታ ትደሊ’ዶ፧

ኣብ [konsumenternas.se/ny-i-sverige](konsumenternas.se/ny-i-sverige) ኣቲኻ ርአ።

### ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓበሬታ ተናዲ ዲኻ፧

ኣብ [hallakonsument.se/pengar-och-ekonomi/livssituationer/ny-i-sverige/](hallakonsument.se/pengar-och-ekonomi/livssituationer/ny-i-sverige/) ርአ።

### ብዛዕባ ሽወደን ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትደሊ’ዶ፧

ኣብ [informationsverige.se](informationsverige.se) ርአ።

LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN